ምእንቲ ናጽነትን ምድሪን
ብቕንዕናን ፍቕሪን፡፡

ሃማመተኤ

ስነ-ምግባር

ኣብ ሓደ ቡቲክ ኣቲኻ ኣለኻ። ሓንቲ ደስ ትብለካ ጃኬት ትርእይ እሞ ክትሰርቃ ትደሊ። ይኸሪን እምበር ከባቢኻ ምስ ጠመትካ ጽኑዕ ሓለዋ ከም ዘሎ ተዓዚብካ ካብ ምስራቕ ተቕጢብካ። እዚ ምስ ፍርሒ እምበር ምስ ቅንዕና ኣይጽብጸብን'ዩ። ካብ ፖሊስ ፈሪሕካ ስርቂ ተገደፍካ ፍርሒ እምበር ንጽህና ኣይኮነን። ኣብዝ'ዩ ድማ ኣምር ስነ-ምግባር ዝመጽእ። መቕጻዕትን ፍርድን ኣብ ዘይብሉ'ዩ ስነ-ምግባር ዝፍጠር። ብዓንደርእሱ ስነ-ምግባር ነጻ ምኳን'ዩ። ነዚ ነጻነት ምስ ትቀጻጸርን ተማእዝናን ድማ ስነ-ምግባር ምሉእ ብምሉእ ይፍጠር።

ብልክዕ ስነ-ምግባር እንታዩ፧ ስነ-ምግባር ድምር ናይ ኮሎም ኣብ ነብስና ዝግሃዱን ዝዕቀቡን ነገራት ኮይኑ፡ ንነብሰ ዕግበት ወይ ደስታ ጥራይ ዘይኮነ ንረብሓ ካልኦት ኣብ ግምት ዝኣተወ ውሳነ'ዩ። ካብ ተጓዳእን እፉፉ ጠባይን ርሒቕካ ቅንዕናን ሓቅን ክተዘውትር ከለኻ ስነ-ምግባር ይብሃል። ስነ-ምግባር መልሲ ናይ 'ኣነ እንታይ ክገብር ኣለኒ'ዩ፡' ግዴታይ እንታይ'ዩ፧ ክጥሕሶ ዘይብሉ ደረት እንታይ'ዩ፧ ኮሉ ንዝተሰማምዓሉ ኣድላይ ኮይኑ ምስ ዘይሰምዓኒ ክጥሕሶ ቅሩብ ድየ፧ ኣብ ነብሰይ ምድንግር ብምፍጣር ንነጻ ፍርዲ ካልኦት ዓስቢ ክረኽበሉ ይጽበዶ ወይ'ውን ብኣንጻሩ ምኹናን የቐድም፧ ንኸሉ ምሉእ ብምሉእ ክዕግብ ዝኽእል ስነ-ምግባር ክፍጠር ዝኽእል እኳ እንተዘይኮነ ብውሑዱ ንኸሉ ምስ ሰማምዓና ዝኽእል ሓቂ ኣሎ። ምኽንያቱ ስነ-ምግባር ማለት ንኻልኦት ብዘይምጉዳእ ኣርባሕን ሰለማውን ሃዋህው ምፍጣር ስለ ዝኾነ፡፡ ሶቅራጦስ'ውን፡ ትንፋሱ ኣብ ቤት ማሕቡሲያ ሓሊፋ። ይኸሪን እምበር ዝያዳ ፈረድቱ ነጻ ኮይኑ'ዩ ሞይቱ። ካብዚ ተበጊስና ብዙሓት ሓቀኛታት ኣብ ማሕቡስ ተዳጊኖም ክህልውኽ ከም ዝኽእሉ ንርዳእ።

ስነ-ምግባር፡ ንናይ ገዛእ ርእስኻ ሰብኣውነትን ናይ ካልኦትን ክብረት ምሃብ ማለት'ዩ።

ፖለቲካ

ኣልያን ዝተባህለ ሰብ "ግድን ኣብ ፖለቲካ ክንግደስ ኣለና። ብዛዕብኡ ብብቕዓት ክንሓስብ እንተዘይኪኢልና ብጭካነ ክንቅጻዕ ኢና፡" ይብል። ፖለቲካ ግን እንታይ'ዩ፧

ሰብ ማሕበራዊ እንስሳ'ዩ። እዚ ብዙሕ እዋን ክደጋገም ዝሰማዕናዮ ሓሳብ'ዩ። ሰብ፡ ኣብ ከምዚ ማሕበረ እንስሳዊ ዓሌት ድማ'ዩ ዝዓብን ዘጕላዕልዕን፡ ይኸሪን እምበር ሰብ ከኣ ስሱዕ እንስሳ'ዩ። ብዘይካልኦት ንበይኑ ተነጺሉ ክነብር ግን ኣይክእልን'ዩ። ረብሕኡ ረጊጹ ክነብር ድማ ዘይሕሰብ'ዩ። ስለዚ'ዩ ድማ ፖለቲካ ዘድልየና። ንናይ ረብሓ ግርጭታት ብዘይ ኃነጽ ክንፈትሖም፡ ሓይልና ኣብ ክንዲ ብተቓውሞ፡ ብጥምረት ኣብ ረብሓ ኮሉና ብምስማር ኮናት፡ ፍርሒን ባርባራዊ ግፍዒን ክነወግድ ፖለቲካ ኣገዳሲ'ዩ።

ኮሉ ሰብ ቅኑዕ ይኸሪን ኣይኸሪን ብዘየግድሱ ሕብረት ዋላ ኣይሃልዎ፡ ሕብረት ክህልዎ ስለ ዘለዎ ነዚ ወግዒ ዘማልእ ድማ ፖለቲካ'ዩ። ታሪኽ ይፈጸም ዋላ ኣይፈጸም እዚ ንነብሮ ዘለና ናትና ታሪኽ'ዩ። ንታሪኽ ድማ ፖለቲካ'ዩ ዝሰርሖ። ስለዚ ኣብ ፖለቲካ ተግዳስነት የብለይን ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ኣብ ፖለቲካ ተግዳስነት የብለይን ማለት ድማ ኣብ ዋላሓደ ነገር ተገዳስነት የብለይን ማለት'ዩ። ምኽንያቱ ብምልኡ ኩነት ህላዋ ናይ ዓለም፡ ሃይማኖት፡ ቅጠባ፡ ወዘተ. ኣብ ፖለቲካ'ዩ ዝምርኮሱ። ስለዚ ፖለቲካ ማለት ምሕደራ ናይ ግርጭትን ኪዳናትን ምቕርሐ ናይ ሓይልን ጸጋታትን'ዩ። ከምቲ ስሙ ዘመልክቶ'ውን ጥበብ ብሓደ ናይ ምንባር ማለት'ዩ።

ፍቕሪ

ፍቕሪ ኣድማሳዊ ስምዒት'ዩ። መብዛሕትና ድማ ብስምዒት እምበር ብፍልስፍና ዳርጋ ተዓዚብናዮ ኣይንፈልጥን። ሎሚ ግን ብፍልስፍናዊ ሽነኽ ንመልከቶ።

"ምፍቃር ምድሳት'ዩ፡" ይብል ኣሪስቶትል። በዚ'ዩ ኸኣ ኣብ ኮሉ ዕድመን ጾታን እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዛዕባ ኩይኑ ወትሩ ዝልዓል። ንምድሳት ካብ ፍቕሪ ዝዓቢ ጸጋ የለን። ኣብ ሰብ፡ ኣብ ከምዚ ማሕበረ እንስሳዊ ዓሌት ድማ'ዩ ዝዓብን ዘጕላዕልዕን፡ ይኸሪን እምበር ሰብ ከኣ ስሱዕ እንስሳ'ዩ። ብዘይካልኦት ንበይኑ ተነጺሉ ክነብር ግን ኣይክእልን'ዩ። ረብሕኡ ረጊጹ ክነብር ድማ ዘይሕሰብ'ዩ። ስለዚ'ዩ ድማ ፖለቲካ ዘድልየና። ንናይ ረብሓ ግርጭታት ብዘይ ኃነጽ ክንፈትሖም፡ ሓይልና ኣብ ክንዲ ብተቓውሞ፡ ብጥምረት ኣብ ረብሓ ኮሉና ብምስማር ኮናት፡ ፍርሒን ባርባራዊ ግፍዒን ክነወግድ ፖለቲካ ኣገዳሲ'ዩ።

ኮሉ ሰብ ቅኑዕ ይኸሪን ኣይኸሪን ብዘየግድሱ ሕብረት ዋላ ኣይሃልዎ፡ ሕብረት ክህልዎ ስለ ዘለዎ ነዚ ወግዒ ዘማልእ ድማ ፖለቲካ'ዩ። ታሪኽ ይፈጸም ዋላ ኣይፈጸም እዚ ንነብሮ ዘለና ናትና ታሪኽ'ዩ። ንታሪኽ ድማ ፖለቲካ'ዩ ዝሰርሖ። ስለዚ ኣብ ፖለቲካ ተግዳስነት የብለይን ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ኣብ ፖለቲካ ተግዳስነት የብለይን ማለት ድማ ኣብ ዋላሓደ ነገር ተገዳስነት የብለይን ማለት'ዩ። ምኽንያቱ ብምልኡ ኩነት ህላዋ ናይ ዓለም፡ ሃይማኖት፡ ምንቅስቓስ ከም ጽላሎት ናይ ካልእ ግዝኣት ጎድኒ ጎድንና ዝዝንቢ'ዩ። ዋላ እናነበርና ምስ ወትሩ ዝቀያየር ብርሃን ስግኣት ሞት ኣለና። በዚና ኸኣ ግድነት ንብሎ። ብዛዕባ ሞት ክነተኣሳስሮ ንኽእል ዛንታ ወይ ሓሳብ ሰለ ዘየለ ዘይምለኽ ይገብሮ። ብዓቢኡ እንታይነት ሞት ምስጢር'ዩ። ድሕሪ ሞት ማዕልቦና ኣበይ'ዩ፧ ድሕሪ ሞት እንታይ ዛዕባ'ዩ ዘሎ፧ ኮሉ ምስጢር'ዩ። እዚ ምስጥር ድማ መበገሲ ሰብኣውነት። ኪኖ'ዚ ዝኸይድ ምሉእ መልሲ ክንረክብ ኣይተኻእለን ዘሎ። ፍላስፋታት ንሞት ብኽልተ ኣርእስቲ'ዮም ዝገልጽዎ። ኢፒካሩስ፡ "ሞት ዋላሓንቲ ኣይኮነን፡" ክብሎ ከሎ፡ ፕልቶ ድማ "ሞት መቐጸልታ ናይዚ ንነብሮ ዘለና ህይወት'ዩ፡" ብምባል ይገልጾ። ነዞም ክልተ ዛዕባታት ከሰማምዕ ዝኽእል ኣርእስቲ ክመጽእ እኳ እንተዘይተኻእለ፡ ሞት እንታይ'ዩ ካብ ዝብል ኣርእስቲ ግና ክነምልዋ ኣይንኽእልን ኢና። ስነ ፍልጠት ነቲ ንንብሰና እንሓታ ሕቶ ክሳብ ሕጂ ብቐዕ መልሲ ክቕርበልና ኣይክኣለን ዘሎ። ስለምንታይ'ዩ ኪኖ ዋላሓደ ዝኸይድ ገለ ነገር ኣሎ ዝብል መልሲ ክቕርብ ዘይክኣለ፧ ፈጣሪ ኣሎ ድዩ፧ ድሕሪ ሞትከ ምቕጻል ኣሎ ድዩ፧ እዞም ሕቶታት እናዓመቐ ናብ ዓቢይቲ ዛዕባ'ዩ ዝውጥጠና። ገለ መግለጺታት 'ንዘይንምልሶ ዛዕባ ብዛዕብኡ ምሕሳብ ተቋረጽና'ዩ ይሓይሽ፡' ይብሉ። ገለን ድማ 'ንመልሶ ኣይንመልሶ ሞት ዘየቋርጽ ጸገም ደቂ ሰብ'ዩ። ስለዚ ነቲ ጸገም ምፍታሕ ኣየድልየናን'ዩ፣ ፊተፊት ክንገጥሞ ግን ኣገዳሲ'ዩ፡' ይብሉ።

ፍልጠት

ንፍጻሜታት ናይ ተፈጥሮ ብዓይንና ክንርድኦ ኣይንኽእልን ኢና። ንኽንፈልጦ ግና እዚ እንታይ'ዩ እናበልና ክንሓስብ ከድልየና'ዩ። ኣብዚ'ዩ ድማ ፍልጠት ዝብል ኣምር ዝመጽእ። ፍልጠት ኣብ ሞንጎ ናይ ገለ ነገራት ዘሎ ብቐዕ ምምስሳልን ምውህሃድን ኩይኑ ዝምድና ናይ ኣእምሮን ዓለምን ወይ ድማ ኣብ መንጎ ሰብን ነገራትን ዘሎ'ዩ። ኣዕርኹትና፡ ጎረባብትና፡ ገዛና ከመዮም፧ ኣብ ኣእምሮና ዘሎ ዛዕባን ኣብ ክውንነትና እንዕዘቦም ነገራት ከመይ ዝበሉ'ዮም፧ ነዞም ሕቶታት ክንምልስ እንፈጥሮ ሓሳብ ድማ ፍልጠት ይብሃል። ኪኢላታ 'ፍጹም ፍለጠት ዝብሃል የለን፡' ይብሉ። ሕስብ እንተበልናዮ፡ ኣብ ነብሲ ወከፍ ኩርናዕ ናይ ገዛና ዘሎ ነገራት፡ ኮልንትናዊ ባህሪ ናይ ኣዕርኽቱና፡ ወዘተ. ምሉእ ብምሉእ ክንፈልጦ ኣይንኽእልን ኢና። እዚ ማለት ግና ዋላሓንቲ ኣይንፈልጥን ኢና ከስምዕ ኣይክእልን'ዩ። እንተኾነ ነዞም ዛዕባታት ከይደምደምና ፍልጠት እንታይ'ዩ፧ ድንቁርና'ኸ፧ ንዝብሉ ኣርእስታት ከመይ ኢልና ክንምልስ ንኽእል፧ እንተኾነ ከምቲ ካንተን ሞንታግነስን ዝብልዎ እንታይ ንፈልጥ፡ እንታይክ ክንፈልጥ ንኽእል ወይ'ውን ክሳብ ክንደይ ዕምቆት ክንድህሰሰ ንኽእል፧ ነዞም ዛዕባታት ክንምልስ እንተዘይኪኢልና ፍልስፍና ድኣ እንታይ ትርጉሙ፧ ንኽውንነት ብህዋሳትና ወይ'ውን ብቐድሚ ሕጂ ዝበጽሓናዮ ደረጃ ፍልጠት ኢና እዚ ከምዚ'ዩ ንብሎ። እዚ ማለት ድማ መምስዝመጻ ኮነታት ናይ ምቕያር ተኽእሎ ኣሎና ማለት'ዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ፍጹም ፍለጠት ክንሓኩር ዘይንኽእል።

እምብኣር ኪኖ'ዚ ከይድና ምምርማር ንደርጃ ፍልጠና ዘዕብይ፡ ንንቕሓትና ድማ ብራኽ ዝውስኽ'ዩ። ሃየ ነዚኦም ኣርእስታትን ካልኦትን ብምፍታሽ ንፈላሰፍ።

***

ሓሳባት

"ኣብ ግዜ ኮትትና ሽጋራ ወይ ኣልኮላዊ መስተ ምዝውታር ንሻንቢቆ ደም የዕኑ።"

ጀሚል ሰዒድ

ሽጋራ ዘትክኹን ኣልኮላዊ መስተ ዘዘውትሩን ትሕቲ ዕድመ ቁልዑ፡ ኣብ መበል ዓሰርተው ሸውዓተ ዓመቶም ኣብ ኣርተሪታቶም (ኣርተሪ ሻምቢቆ ደም) ዓቢ ዕንወት ከም ዝወርዶም ሓድሽ መጽናዕቲ ይገልጽ። ኣብ ከምዚ ኣሉታዊ ንጥፈታት ኣብ ዘዘውትሩ መንእሰያት ኣብ እተገብረ ምርምር፡ ኣርተሪታት ናይ ከምዚኦም ዝበሉ ሰብ፡ ገና ካብ ንእስነቶም ኣትሒዙ ክጥርዝዝ ክተርርን ናይ ምትዕጽጻፍ ወይ ምንቅስቓስ ተኽእሎኡ ክጸብብን ይጅምር። እዚ ኣብ ኣካላዊ ለውጢ ብእኡ ጥራይ ደው ዝብል ኣይኮነን፣ ንልቢን ሻንቢቆታት ደምን ናብ ዝኸፈአ ሓደጋ'ውን የቃልዕ። እዚ ኣብ ትሕቲ ዓሰርተው ሸሞንተ ዓመት ዝርከቡ መንእሰያት ዝዝውተር ወልፊታትታ ሽጋራን ኣልኮላዊ መስተን፡ ሓደገኛቱ፡ ኣብ ንእስነትካ ንዝዓበየ ዕድል ሕማምን ሞትን ምቅላዕ እዩ። እዚ መጽናዕቲ ነዚ ሕማቕ ዜና ጥራይ ሒዙ ኣይመጽኣን፣ ጽቡቕ ዜና'ውን ኣሎዎ። ከምዚ ልምዲ ንዘሎዎም ትሕቲ ዕድመ፡ ብእዋኑ እንከሎ ምትካኽ ሽጋራን ኣልኮላዊ መስተን ምስ ዘወግዱ፡ ኣርተሪታቶም ቀልጢፉ ናብ ንቡር ናይ ምምላስ ተኽእሎ ኣሎዎ።

ዝበዝሕ እዋን ወልፊ 'ብሓደ ግዜ ክግደፍ ኣይከኣልን'ዩ፡' ዝብሉ ኣለው፣ 'ኣብ ዝደለኻዮ እዋን ክትገድፎ ይከኣል'ዩ፡' ዝብሉ'ውን በቲ ሓደ ኣለው። ንነዊሕ እዋን እተላማመድካዮ ልምዲ ብሓደ እዋን፡ ኣብ ሓደ ግዜ ከተቋርጾ ክብድ ዝበለ ክኸውን ንኮር'ዩ። ሽሕ ግዜ ይኽበድ ግን ንሕማምን ሞትን ኣሜን ኢልካ ከቕብል ዝኽእል ሓይሊ የብሉን። ኣርተሪታት ከም ዕንጨይቲ ክደርቁን ክጥርዝዙን ትም ኢልካ ምርኣይ ኣይከኣልን። እዚ ኣብ ኣርተሪ ዘጋጥም ዕንወት ክሳብ ክንደይ'ዩ ሃሰያኡ ንምርኣይ፡ ብዛዕባ ኣርተሪን ስርዓተ ዙረት ደምን ኣሕጺርና ክንምልከት።

***

ስርዓተ-ዙረት ደም ሓደ ካብቶም ንኣካል ዘቕሙ ስርዓታት'ዩ። ንኣካልና ኣገደስቲ ዝኾኑ ጥሪ ነገራት፡ ከም እኒ መኣዛታት፡ ጋዛት፡ ሆርሞናት፡ ወሃዮታት ደም፡ ኦክሲጀን፡ ርስሓት፡ ወሃዮታት የመሓላልፍ። ወሃዮታት በዚ ብስርዓተ-ዙረት ደም ዝረኽቡዎ ጥሪ ነገራት ከኣ ንሕማማት ይከላኸሉ፡ ኣካላዊ ረስኒን ኣካላዊ መስርሕን ሚዛን ይሕልዉ። ኣብ ወዲ-ሰብ ስርዓተ-ዙረት ደም ንልቢን ሻንቢቆታት ደምን ከም ቀንዲ ክፋላቱ ይውሰዱ። ሻንቢቆታት ደም ከኣ ክሳብ ዝወሰነ ክፋል ኣካልና ይርከቡ። ዝረስሐ (ኦክሰጀን ዘይተሰከመ) ደም ካብ ልቢ ብመንገዲ ኣርተሪታት ኣቢሉ ናብ ሳንቡእ ይበጽሕ። ኣብ ሳንቡእ ተጻርዩ ድማ ናብ ልቢ ይምለስ። ኣርተሪ ዝብሃሉ ሻንቢቆታት ደም እዞም ካብ ልቢ ናብ ሳንቡእ ዘመላልሱ ገዲፍካ፡ ካብ ልቢ ዝጭንጓዕ ጽሩይ ኦክሲጀን ዝሓዘ ደም ይስከሙ። ናብ ኮሎም ኦክሲጀን ዘድሊዮም ኣካሊት (ቲሹ) ድማ የብጽሑ። ካብ ኮሎም ሻምቢቆታት ደም ከኣ ዝዓበየ ጸቕጢ ኣሎዎም። ኣብ ኣርተሪ ዘሎ ኮነታት ጸቕጢ፡ ንኾነታት ልቢኻ የርኢ። ምኽንያቱ ኣብ ጸጋማይ ክፍሊ ናይ ልቢ ዘሎ ምጭባጥ'ዩ ነቲ ኣብ ኣርተሪ ዘሎ ጸቕጢ ዝፈጥሮ። ስለዚ ኣርተሪን ልቢን ዝተተሓሓዙ እዮም። ልቢን ህይወትን ከኣ....!።

***

ነዚ መጽናሕቲ ዘካይድዱ ፈላጣት፡ ኣብ 1,266 ኮተቴ ንኣርባዕተ ዓመት ዝኣክል መጽናዕቶም ኣካይዶም። እዞም ኮተቴ ካብ መበል ዓሰርተው ሰለስተ ዕድመ ክሳዕ ዓሰርተው ሸውዓተ ዓመት ናይ ምትካኽ ሽጋራ ወልፊ ዝነበሮም ኩይኖም፡ ኣብዚ ኣርባዕተ ዓመታት ኣብ ኣርተሪታቶም ናይ ምጥርዛዝን ምትራርን ምልክት እንተ'ሎ ንፍላጥ መጽናዕቲ ተኻይዱሎም። እዚ መጽናዕቲ ኣብ ምሉእ ህይወቶም ክንደይ ዝኣክል ሽጋራ ከም ዘትከኹን ኣልኮላዊ መስተ ምስታይ ዝጀመሩሉ ዕድመን ዘካተተ'ዩ ነይሩ። ልዕሊ 100 ሽጋራ ዘትከኹ ወይ ጠገለ ዘይብሉ ኣልኮላዊ መስተ ዝሰተዩ፡ ካብቶም 20 ሽጋራ ዘትከኹ ወይ ክልተ ቢራ ንመዓልቲ ዝሰትዩ ዝኸብድ ምጥርዛዝን ምትራርን ኣርተሪታት ኣጋጢሙዎም። ሓደ ካብቶም ነዚ መጽናዕቲ ዘካወኑ ፕሮፌሰር ጆን ዲንፊልድ፡ "ሽጋራ ምትካኽን ኣልኮላዊ መስተ ምስታይን ሓደ ናይ ብጽሕና መዐቀኒ ኩይኑ'ዩ ጸኒሑና። ምስቲ ኣብ ልዕሊ ዕድመ ዘሎ ምትራር ኣርተሪን ኣብቲ ሻምቢቆታት ዝርከብ ስብሕን ኣመልኪቱ እተገብረ መጽናዕቲ ይዛመድ እዩ፡" ብምባል ይገልጽ። ነቲ እዚ መጽናዕቲ ምስቲ ሕማቕ ዜናኡ፡ ንእሽተይ ጨራ ተሰፋ ሒዙ ዝመጽእ'ዩ። ነዚ ኣመልኪቱ ፕሮፌሰር ጆን ዲንፊልድ፡ "እንተኾነ ትሕቲ ዕድመ ሽጋራ ምትካኽን ኣኮላዊ መስተ ምስታይን ኣብ እዋን ብጽሕናኦም (18 ዓመት ዕድመኦም) እንተ ኣቋሪጾም፡ ኣርተሪታቶም ናብ ንቡር ክምለስ ይኽእል'ዩ፡" ይብል።

"ኣብ ግዜ ንእስነት ብኣልኮላዊ መስተ ወይ ሽጋራ፡ ኣብ ሻንቢቆታት ደም ዓቢ ዕንወት'ዩ ዝወርድ። ኣብ ሓደ ግዜ ዝሰትዩን ዘትክኹን እንተ ኾይኖም ከኣ ዝገደደ፡" ትብል ኣብቲ መጽናዕቲ ኢዳ ዘንበረት ዶር. ማሬታ ካራኪዳ። ካብቲ መጽናዕቲ ካብ ዝረኸቡዎ ስታስቲክስ፡ ኣብ ዕድመ 17 ሓደ ካብ ሓሙሽተ ኮተቴ ሽጋራ የትክኽ፣ ኣብቶም ቅድሚኡ ዘሎ ዕድመ ግን ዝወሓደ ምኳኑ ትሕብር።

ካብዚ መጽናዕቲ ከም እንርድኦ፡ ኣልኮላዊ መስተ ኩነ ሽጋራ ናብ ልቢ ዝቐንዐ መጥቃዕቲ የካይድ እዩ። እቲ ንልቢኻ ንምድሓን እትወስዶ ዝበለጸ ኣማራጺ ካብ ወልፊ ሽጋራን ኣልኮላዊ መስተን በቲኽካ ምሕራም'ዩ። ክልተኡ ኣብ ሓደ ግዜ ብዘይ ገደብ ክትስሕቦን ክትሰትዮን ዝኽፈአ መዘዝ ስለ ዘሎዎ ሓደኡ ክቋረጽ፡ እንተ ዘይከኣልካ ኸኣ ከተጉድል ይግባእ። ብሓደ እዋን ክግደፍ እንተ ዘይተኻእለ፡ በብመዓልቱ እናጉደልካ ክግደፍ ይከኣል'ዩ። እቲ ኾሉ እተገብሮ ንህይወትካ ስለ ዝኾነ.....!።

BBC News

ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

ውድድር ኩዕሶ መርበብ ገምገም ባሕሪ ቀጺሉ

* ስልጠና ንኣሰልጠንቲ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ ይወሃብ

መደብ ጸወታ
ሎሚ
ኩዕሶ መርበብ ገምገም ባሕሪ
ደ/ቀ/ባሕሪ - ዓንአባ (ደ/ኣ)
ማእከል - ደቡብ (ደ/ኣ)
ዓንአባ - ሰ/ቀ/ባሕሪ (ደ/ተ)
ደቡብ - ማእከል (ደ/ተ)

ካብ ሰዓት 7:30 ቅ.ቐ ጀሚሩ ኣብ ቀጽሪ ኤክሰፖ ክተዋድድ እዩ።

ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ኤርትራ ብምኽንያት መበል 28 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ ውድድር ኩዕሶመርበብ ገምገም-ባሕሪ (Beach Volley-ball) ዞባታትን ሚኒስትሪ ምክልካልን ዋይድ ምህዋዉ ተሓቢሩ።

ኣብዚ ብሰሉስ 14 ግንቦት 2019 ኣብ ቀጽሪ ኤክሰፖ ኣስመራ ዝጀመረን ትማሊ ድማ ብውድድር ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ኣብ ዝቐጸለን ጸወታ፡ ሚኒስትሪ ምክልካል ንደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝዛ ደቡብ ከምኡ ድማ ዞባ ዓንአባ ብዝ ጋሽ ባርካ ብዘመሳሳሊ ወጽኢት 2ብ0 ሰዒሩአኑ። ኣብ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ ከኡ፡ ሚኒስትሪ ምክልካል ዝዛ ዓንአባ ከምኡ ድማ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝዛ ማእከል ብዘመሳሳሊ 2ብ1 ክረትዑአን እንከለዋ፡ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ድማ ዝዛ ጋሽ ባርካ 2ብ0 ኣሸንፋ።

ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ውድድር ደቂ ኣንስትዮ ምክልካል ንማእከል፡ ደቡብ ንጋሽባርካ ከምኡ ድማ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ንዓንአባ ብዘመሳሳሊ ወጽኢት 2ብ0 ተዓዊትናለኣ። ኣብ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ፡ ዞባ ዓንአባ ንደቡቡ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ንጋሽባርካ ብዘመሳሳሊ ወጽኢት 2ብ0 ከሸንፈአን እንከለዉ፡ ማእከል ከኣ ንሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ 2ብ1 ረቲዓታ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ምስ ኣምባሳ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣብ ኤርትራ ብምወሃህድ ናይ Elite ኣሰልጠንቲ ስልጠና ኩዕሶ መርበብ ካብ 11 ግንቦት 2019 ጀሚሩ ኣብ ኣስመራ ይህብ ኣሎ።

ብቐዳም 11 ግንቦት ኣብ ሜዳ ጃምናዝዩም መሻኒር ደንደን ኣብ ዝተኻየደ ወግዒዊ መኽፈቲ ሰሓርግት፡ ኮሚሽር ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽሉ፡ ኣምባሳደር ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣብ ኤርትራ ያግ ዚ ጋግ፡ ሓለፍቲ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ፡ ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክን መተዳን ሓብሬታን ገለጻ ሚኒስትሪ ምክልካልን ተረኺቦም ነይሮም።

ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶመርበብ ኤርትራ ኣቶ ሚኪኤል ተኽሎሚኬል ኣብ ዘሰመየ መኽፈቲ ቃል፡ እቲ ናይ ስልጠና መደብ ምውዳት ንዕብየት ንጥፈታት ኩዕሶመርበብ ኤርትራ ኣገዳሲኡ ልዑል ምኻኑ ገሊጹ። ኣምባሳደር ዘመደ ተኽሉን ኣምባሳደር ዚ ጋግ'ን ብወገኖም እቲ መደብ መርኢያ ናይቲ ኣብ መንነ ክልቲኦን ሃገራት ኣብ መዳይ ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ኣብ ኤርትራ ያግ ዚ ጋግ ሓለፍቲ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክን መተዳ ሓብሬታን ገለጻ ሚኒስትሪ ምክልካልን ተረኺቦም ነይሮም።



እናግበዩ ዝመጹእ ዘሎ ሓብራዊ መደብ ምኻኑ ብምምልክት ቀዳልነት ክህልዎ ብክልተኡ ወገን ዘሎ ድሉውነት ልዑል ምኻኑ ገሊጾም።

እቲ ብቻይናዊ ሃገራዊ ኣሰልጣኒ ሚስተር ኑይ ገዎጋን ናይ ክልኡ ሓሳብ ግብርን ስልጠናታት ኣጥዋሚሩ ዝወሃብ ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ መደብ ካብ ዞባ ማእከልን ሚኒስትሪ ምክልካልን ዝተዋጽኡ 18 ደቀንስትዮ ንዝርከባኦም 42 ስልጠንቲዮ ክወሃቡ።

ኣብቲ ኢጋጣሚ ብዘይካዚ፡ ብኣምባሳ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ዝተወፈየ ናውቲ ስፖርት ኩዕሶ መርበብ ንምርቕባብ ኣብ ሓብራዊ ማዕከር ናይ ምፍራም ስሓርግት ምኽያዱ ህዝባዊ ርክባት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣፍሊጡ።

1 ቢሊዮን ወጻኢታት ክግበረሎም ዝኽእሉ ተጻወትቲ . . .

ግቢቲ ክሰዓቡ ኣውርጻ ዝኾና ከም ሪያልማድሪድ፡ ማን ዩናይትድ፡ ባርሳ መሳሰሊ ካልኦትን ኣብዚ ዓመት ስፖርትዚ ብዙሕዳ ምርሓቕ ወጽኢት፡ ኣብ ዝመጽእ ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ ዘይተኣፈነ ማጠን ገንዘብ ብምውጽኢ ሓደስቲ ተጻወትቲ ክሰድጋ ከምዝኽእል ልዑል ግምት ኣሎ። ማዘኑት ምስግጋር ተጻወትቲ ናይ ዝመጽእ ክረምቲ ከይተኸፈተ ድሮ እዞን ግቢቲ ክሰዓቡ 'ዝቕሓረኣም ተጻወትቲ' ብምፍናው፡ ንሓደስቲ ተጻወትቲ ንምዕዳግ ልኡኻትን ብምስዳድ ሳልን ታሕሳን ይብል ኣሎዉ። ብመሳረት ክኢላታት ቁጠባ ሓደለ ክሰዓቡ ናይ ልሳሊ 100 ሚልዮን ፓውንድ ዩሮ ወጻኢታት ኣብ ውልቀ ተጻወትቲ ከምዝዕዳ ብኢንኡ ይግመት።

ኤደን ሃዛርድ

ኣብ ግጥም ፍጻመ ዩሮፕያን ሊግ ምስ ቸልሲ ዝቐርብ ኤደን ሃዛርድ፡ ንኣዋርሕ ኣብ 'ክሸፉ' ሪያል ማድሪድ ዝኣተወ ተጻዋታይ እዩ። እዚ በልጃዕሚ ሃንዳሲ ከኦሳ "ብዘዐባ መጻኢኤይ ወሲነ ኣለኹ" ክብል ገዚሖ ዘይጸዪር መልሲ፡ ንጉጹ ጠልጠል ከምዝበሎ ይሕበር። ኣብ ባክ፡ ኣንጋር ኣርሰናል ግጥም ፍጻመ ዩሮፕያን ሊግ ዘሕይድ ቫርድ፡ ቡታ ማድሪዳዊት ክሰብ ልሳሊ 100 ሚልዮን ዩሮ ከምዝተሰልዓኡ ይገበር። ይኹን እምበር፡ ቸልሲ ብመገዲ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንዋሊዝ ናብ ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ ኣወርጻ ብምብጽሓን ቡቲ ሓይ፡ ትሕቲ ዕድመ ተጻወትቲ ብምፍራማ ድሕሪ ዝከጠማ እንዳ ዕድጊ ተጻወትቲ ብሬፉ ደማ ቡቲ ኖልኡ ንቫርድ ኣብ ማዕጹ ሲታንሄርድ ብረጅ ከተጽንሖ ዘኽእል ሃጥብታት ከይኑ ንረኽቦ።

ጋረዝ በይል

ምስ ምምጻእ ዘንዳን ዘዳን ናብ በርናቡ፡ ዕምሪ ጋረዝ በይል ኣብ ማድሪድ ከምዝበጽዕ ብኢንኡ ተገሚቱ ነይሩ - እዚ ዊልሳዊ ተጻዋታይ፡ ብዘዳን ስለዘይድሎ፡ ዘዳን መዝር ምዕሳም ድሕሪ ምርካቡ፡ ብተደጋጋሚ ዓሚል መዝር ተቐጥሪቱ ዝኾነ በይል፡ ናብ ማን ዩናይትድ ኣታዊን ወጻኢን ዝኾነ ብቐዳት ኣብ ርኢሲ ምርኣዩ ምስ ኣሰልጣኒ ሰልሻዊር ደማ ብዘይምስምምው ኣብ ዝመጽእ ዓመት ስፖርት ኣብ ሜዳ ኦልድትሪፎርድ ናይ ምጽንሑ ተኽእሎ ኣገዚዩ ትሑት ምኻኑ ይግመት። ይኹን እምበር፡ ማን ዩናይትድ፡ ንፖል ፖግባ ብትሑት መጠን ገንዘብ ክምለስ ከምዝኽእል ሓሳብ መራኸቢ ብዘገን የረድኦ። እዚን ክሰዓቡ ንጋረዝ በይል ብዚገን ናይ ምዕዳግ ወጥን ከምዝይብለን እኳ እንተተገመተ፡ ንፖል ፖግባ ካብ ማን ዩናይትድ ንክርስትያን ኤሪክሰን ደማ ካብ ቶተንዓም ንምዕዳግ ትመጣጠር ዘሎ ሪያል ማድሪድ ኣብ ዕድጊ ኣዛም ተጻወትቲ ንበይል ናብዚን ክሰዓቡ ብምስዳድ ንኣተወጽኦሎም ዋጋ ከተጉድል ከምኣትጽዕር ይሕበር።

ፖል ፖግባ

ብዚዳን ብተደጋጋሚ ዝተወደሰ ተጻዋታይ፡ ፖል ፖግባ እዩ። ዚዳን ዝ ፈረንሳዊ ዓንተር ማስመር ምስፍሓፉ ኣብታ 13 ግዜ ሻምፕዮን ኣወርጻ ዝኾኑት ክሰብ ክህሉ ይጠልቡ፡ ፖግባ ኣብ ማን ዩናይትድ ኣታዊን ወጻኢን ዝኾነ ብቐዳት ኣብ ርኢሲ ምርኣዩ ምስ ኣሰልጣኒ ሰልሻዊር ደማ ብዘይምስምምው ኣብ ዝመጽእ ዓመት ስፖርት ኣብ ሜዳ ኦልድትሪፎርድ ናይ ምጽንሑ ተኽእሎ ኣገዚዩ ትሑት ምኻኑ ይግመት። ይኹን እምበር፡ ማን ዩናይትድ፡ ንፖል ፖግባ ብትሑት መጠን ገንዘብ ክምለስ ከምዝኽእል ሓሳብ መራኸቢ ብዘገን ዓዲ እንግሊዝ ማን ዩናይትድ ካብ መሸጣ ፖግባ ኣስታት 150 ሚልዮን ዩሮ ናብ ካዝና ከተኣቱ ከምኣትኽእል ይግመት።

ክርስትያን ኤሪክሰን

ኣብ መስመር ምስፍሓፉ ክህልዉ ካብ ዝተመረጹ ሓደስቲ ተጻወትቲ ኤሪክሰን ይጥቀስ፡ ምስ ቶተንዓም ዘሎዎ ውዕል ምስ ዘይሕደሰ ድሕሪ ሓደ ዓመት ካብታ ለንደናዊት ክሰብ ብናጻ ናይ ምስግጋር መብርኃ ክወጽእ ዝኽእል ኤሪክሰን፡ ብኢንኡ መሳልፍኡ ከፍልጥ ብክሰብ ቶተንዓም ድፍኢት ይገብሮሉ ኣሎ። ምስ ቶተንዓም ኣብ ግጥም ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣወርጻ ኣንጋር ሊቨርፑል ዝገጥም ኤሪክሰን፡ ሓሳፍቲ ክሰብ ምስ ናይ ሪያል ማድሪድ መሉኑም ኣብ ጉጹጹ ኣፈናዊ ዝርርብ ምክያዶም ይገበር። እዚ ተጻዋታይ፡ 100 ሚልዮን ዩሮ ይግመት።

ኣንቶዋን ግሪዝማን

ዝሓለፈ ክረምቲ ግሪዝማን ኣብ ክሰብ ኣትሰቲኮ ማድሪድ ከምዝጸንሕ ምስብሩ ንብዙሓት ሰባት ከምዝበረመ ይፍለጥ። ትማሊ መራኸቢ ብዘገን ስፖርት ከምዝሓበራ፡ ምስ ኣትሰቲኮ ማድሪድ ድሕሪ ሓመሽቱ ዓመታት ክፈልል ምኻኑ ብቃሉ ምዝራብ ይጋዋሕ ኣሎ። ምስ ፊረንሳ ዋንጫ ዓለም ዘልዓለ ግሪዝማን ዝሓለፈ ሰሉ ንሓመሽቱ ዓመታት ኣብ ኣትሰቲኮ ማድሪድ ነጽንሕ ኺ ኺ ክቃመሙ ምንባሩ፡ ናብ ካልእ ክሰብ ክሰጋገር እንተደኣ ኮይኑ፡ እትዕድጎ ክሰብ 120 ሚልዮን ዩሮ ናይ መፋነዊ ገንዘብ ብምኽፋል ክትወስዶ ዘኽእል ወሳል እውን ኣሎዉ። ጸባሕ ቀዳም ምስ ለሻኑ ናይ መወዳኢታ ጸወታኡ ዘካይድ ግሪዝማን፡ ኣንፈቱ ናብ ሜዳ ኖ ካምፕ ናይ ባርሰሎና እዩ።

ካውቲኖ

ኣንትዋን ግሪዝማን ናይ ምስባጉሩ መሳርሕ እንተደኣ ተፈጺሙ፡ ካውቲኖ ኣብ ሜዳ ኖ ካምፕ ናይ ምጽንሑ ተኽእሎ ኣገዚዩ ጸቢብ ምኻኑ ይግመት። ካብ ሊቨርፑል ናብ ባርሰሎና ዝተሰጋገረ ካውቲኖ፡ ብቐዳቱ ኣብ እሰጽኖ ብምኾዩ ብደጕሉ ናይታ ካታሎኒኣት ክሰብ ተቐባልኡ ባይታ ዘለጡ ደርኪቡ። እዚ ብራዚላዊ ኣጥቃዒ፡ ኣብ ራዊር ክሰዓቡ ቸልሲ፡ ፒኤሶጂን ጁቬንቱስን ምስ ምኢታዉ፡ ኣንፈቱ ናበይ ከምዝኸውን ንምምዃት የጽግም። ልሳሊ 100 ሚልዮን ፓውንድ ከተወጽኦሉ ትኽእል እያ ተባሂላ ዝገረረላ ቸልሲ፡ ብሬፉ ሓደስቲ ተጻወትቲ ኖስይተፈርም ብምኢጋዩ ካውቲኖ ናብ ፓሪስ ወይ እውን ቶሪኖ ከቐንዕ ከምዝኽእል ይሕበር።

ፓውሎ ድይባላ

ድይባላ ምስ ምምጻእ ክርስትያኖ ሮናልዶ ናብ ጁቬንቱስ ተሪን ከምዝይተሰምምዑ ይግለጽ። እዚ ኣርጀንቲናዊ ምስ ኣሰልጣኒኡ ማሰስ ኣለግሪ እውን ሳሕቲ ሓርፋፍ እዋን ብምሕሰፉ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ስፖርት ናብ ካልእ ክሰጋገር ከምዝኽእል ግምት ይወሃቡ። እዚ ልሳሊ 100 ሚልዮን ዩሮ ከወጽእ ከምዝኽእል ዝተሃገረሉ ኣርጀንቲናዊ ናብ እንግሊዝ ከምርኢ ከምዝኽእል ይግለጽ - ናብ ማን ዩናይትድ።

ዲ ላይት

ሓሊፍ ጋንታ ክሰብ ኣያክስ - ማኒስ ዲ ላይት፡ ናብ ባርሰሎና ክሰግር ንሓደ እግሩ ኣቐዲሙ ዝርከብ ዘሎ ተጻዋታይ እዩ - ብመሳረት ሓብሬታ ጋዜጣ ማርካ። እዚ ወዲ 19 ዓመት፡ ምስ ክሰብ ኣያክስን ሃገራዊት ጋንታ ሆላንድን ብዘጋጸሮረቕ ብሉጽ ብቐዳት፡ ኣብ ዝሰዕብ ሐደት ዓመታት ስፖርት ተጻዋታይ ከኸሰ እግር ዓለምና ክኸውን ከምዝኽእል ሓሳብ ክኢላታት ጸወታ ከኸሰ እግሪ ደስማዕ ዩ። እዚ ኣብ ማእከል መሳመር ምክልካል ዝሰለፍ ተጻዋታይ፡ ካብ ኣያክስ ንክወጽእ እንተወሓደ 70 ሚልዮን ዩሮ ወጻኢታት ይሓትት።

ምልክታ

እምነት ኣማኑኤል - በይሉል ገብረሚካኤል

ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ሙሴ ኣማን ተጸዋዒት ወ/ሮ ሚዛን ዘርኣይ ዘሎ ናይ ውክልና ምስራዝ ክርክር ተጸዋዒት ንጹር ኣድራሻ ስለዘይብላ ተጸዊዓ ን27/5/19 ኣብ 2ይ መጋብኣያ ትቀረብ። እንተዘይቀሪባ ቤ/ፍ ንስኺ ኣብዘይብሉ ጉዳዩ ክርኦን ክውሰንን ምኗኑ ነፍልጥ።

መንደፈራ

ቤንሁር ላይነ ገብሪሂወት ምባል ተሪፋ፡ ስምኦን ላይነ ገብሪሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/19 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋብኣያ ይቕረብ።

ዓዲ ኗላ

ኢሰያስ ብርሃነ ገብረየሱስ ምባል ተሪፋ፡ ኢሰያስ ንጉሰ ይግዛው ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ መናል ኣስሞሮም ገብረሃንስ፡ ኣቦይ ተጋዳላይ ኣስመሮም ገብረሃንስ ኪዳነ ስለዝተሰወኣ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኗነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተምህረት ኣብርሃም ሃይሉ፡ በዓልቤተይ ተኸስተ ሃይለ ሃብተማርያም ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 1 ወድና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወራሲ ምኗኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገብርኤል

ወ/ሮ ኣብርሀት ሃይለ ገብሪሂወት፡ በዓልቤተይ ኣቶ ዑቕባይ ልብሰቃል ብሕጋዊ መርዓ ተመሪዒና እንተኮነ ግን ናይ ፍትሕ ሰነ ስርዓት ብሓሙሽተ ሽማግል ክውደኣለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገረንፊት ኣውጋሮ

ወ/ሮ ፍረወይን ላይነይ፡ ኣቦይ ላይነ ለሰ ገዛሀይ ስለዝሞተ፡ ኣነ ወራሲ ምኗነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ባረንቱ

ወ/ሮ ኣስመረት ተሰፋልደት ዑቕባዝጊ፡ በዓልቤተይ ኣቶ መዓሾ በርሀ ደረስ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምኗኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ሮ ዮርሳሌም ሸመንዲ ወልደእንድርያስ፡ በዓልቤተይ ኣቶ ተኽለኣብ ገብረማርያም ረዳ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኗኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ጊንዳዕ

ሓዋ ኣደም ጅምዕ ምባል ተሪፋ፡ ሓዋ ኣደም ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ባጽዕ

ሳዕድያ መሓመድኑር መሓመድዓሊ ምባል ተሪፋ፡ ሱዓድ መሓመድኑር መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጀዋሂር ዓሊ ጃብር፡ ወይ ሑርያ ዓሊ ጃብር ምባል ተሪፋ፡ ጅሮም ዓሊ ጃብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዳኒኤል ደባስ ካሕሳይ ምባል ተሪፋ፡ ዳኒኤል ደባስ ኩሓስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚካል ፍጹም ኪዳነ ምባል ተሪፋ፡ ኣቢጋይል ፍጹም ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዞባ ተሰነይ

ኣብ መንገ ከሳሲ ኣቶ ዓሊ ዑመር ሓጅ ኣልሓሰን ንተኸሳሲ እድሪስ መሓመድ ዮሴፍ መሓመድ ኢብራሂም ዝርከብ ሲቪላዊ ናይ ገንዘብ ክርክር ጉዳይ ተኸሳሲ ብኣድራሽኡ ተደልዩ ክርከብ ስለዘይከኣለ ተከሳሲ ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ን28/5/19 ናብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ቤ/ፍ ኣብዘየለወሉ መዝገብ ክርእን ውሳኔ ኪህብን ምኗኑ የፍልጥ።

ኣቶ በርሀ በይነ ሓደራ ስም ወላዲቱ ምሕረት ተግባሩ ፍጡር ምባል ተሪፋ፡ ምሕረት ተፈሪ ፍጡር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰውራ ዑመር ተሰነይ

ሓምድ እድሪስ ከሊፋ፡ ተጸዋዒ ናስር ስሌማን ዝኩር ካብ ተጸዋዒ መኪና ዓነይታ ቶዮታ ዲያና ቁ.ሰሊዳ ER:3-01547 ብዋጋ 100.000 ናቕፋ ኣብ ቅድሚ ስለስተ መሰኻኽር ሽይጡለይ ገንዘብ ብምሉኡ ከፊለዮ እንተኾነ ግን ልብራቶ ምስ ሃበኒ ብድሕሪኡ ብኣድራሹኡ ስለዝሰኣንኩዎ ይጸወዓለይ ስለዝበለ፣ ን3/6/19 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ቤ/ፍ ስም ናይ ምትሕልላፍ ውሳኔ ክህብ ምኗኑ የፍልጥ።

መልእኽቲ ሓያል ጸዕሪ ንሓምላይ ወፍሪ

1 ንኹሉ ዓቢ ፍጻመ ብምግራብ ነሰንዮ፡
2. ራእይና ኣከባቢና ሓምላይ ምቕያር'ዩ
3. ግርማ ሰብ ክዳን ግርማ መሬት ገረብ'ዩ፡ ስለዚ ንገርብ፡
4. ንሓርሶ ስቡሕ ዘይንሓርሶ ልሙዕ፡
5. እዛ ንነብረላ ዘለና መሬት ካብ ወለድና ዝወረስናያ ዘይኮነትሲ፡ ካብ ደቅና ብሓደራ ዝተለቃሕናያ ኢያ።
6. ውሑስ ኣከባቢ፡ ውሑስ ሂወት፡
7. ዝተገረበ ንሕዛእ፡ ዘይተገረበ ንገርብ፡
8. እንስሳ ዘገዳምና ጸጋ ሃገርና እዮም ንዓቅቦም፡
9. ሞጎጎ ኣድሓነት ብምጥቃም ብርሰት ኣግራብ ነወግድ፡
10. ሓምላይ ክለባትና ኣርማ ሓምላይ ወፍርና፡

ንደቅና ውሑስ ኣከባቢ ነውርሶም
15 ግንቦት 2019

ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ፡ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 - 12:00 ቅድሚ ቀትሪ ምሸት ካብ 2:00 - 6:00 ድሕሪ ቀትሪ ብቁ/ሰልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ/ሳ/ፖስጣ 5537፡ E-mail; bidhonational@gmail.com

ሰቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ፡ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ።

ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንቤት ትምህርቲ ስነኪነት ማይ-ሓባር ዝኸውን እንጀቕሖ ካብ 01 ሰነ ክሳብ 30 ሰነ 2019 ከምኡ'ውን ካብ 01 መስከረም ክሳብ 31 ታሕሳስ 2019 ዘቕርቡ ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

. ናይ 2018 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ናይ መንነት ፎቶ ኮፒን የቕርብ።

. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ን 5 (ሓሙሽተ) መዓልታት ክፋት ኮይኑ ይጸንሕ።

. ሳንዱቕ ጨረታ ንጽባሒቱ ሰዓት 10 ቅ.ቀ ተጫረቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶ ኣብ ዝተረኽበሉ ይኽፈት።

. መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ናቕፋ ዝተረጋገጸ ቸክ (C.P.O) ይትሓዝ።

. ብተወሳኺ መግለጺን ዝርዝራዊ ሓበሬታን ኣብ ሚ/ትምህርቲ ቤት ጽሕፈት ቁጽሪ 20 ወይ ብተሌፎን 200593/ ወይ 123749 ተወከሱ።

. ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብሙሉኡ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ

ምልክታ

ኣነ ኣቶ ዑቕቢት ብርሃነ ሃብተ ዝተባህልኩ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ፡ ዞባ 9፡ ን/ዞባ 01 ጎደና 72 ቁ.ገዛ 10/12 ቁ/ምስክር ግዝያዊ ዋንነት ንብረት 114159 ፡ ዓይነት ገዛ ተራ፡ ስፍሓት መሬት 126.05 ት/ሜ ቀንዲ ክፍልታት 4ተ ሓገዝቲ ክፍልታት 2ተ ዝሓዘ፡ ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ንወድና ኣቶ ስለሙን ዑቕቢት ብርሃነ ብህያብ ስለ ዝሃብናዮ ስም ምትሕልላፍ ክንገብር ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቅሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምኗንና ንሕብር።

ኣቶ ዑቕቢት ብርሃነ ሃብተ

ግደይ ገብረኪዳን ጊላጋብር ዝተባህልኩ ካብ ወለደይ ወ/ሮ ኢለን ገብረማርያም ካብ ኣቦይ ገብረኪዳን ጊላጋብር ብውርሲ ዝተረከብዎ ኣብ ምም/ን/ዞባ ሰምበል ፕሎት 25 ፓርሰል H ዝርከብ ብዋንነት ምስክር ቁ.103771 መወከሲ ቁጽሪ 122678 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኩ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪ ቤ/ጽ ካዳስተር ይቕረብ።

ወ/ሮ ግደይ ገብረኪዳን

ምልክታ

ኣነ ሳሙኤል ተሰፋ ዝተባህልኩ ናይ ኣቦይ ተሰፋ መሰፍን ባህታ ሰርቲፊኬት ቁጽሪ 1949 ኣባል ናቕፋ ኮርፖረሽን ስለ ዝጠፍኣኒ ብዕዳ ሒዘዮ ወይ ረኺበዮ ዝብል እንተድኣ ኣሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቁ.ስ 07281682 ክሕብረኒ ተዘይኮይኑ መተካእታ ኮኦሃበኒ ንዝምልከቶ ናቕፋ ኮርፖረሽን ክሓትት ምኗነይ ኣፍልጥ።

ሳሙኤል ተሰፋ

ምልክታ ጨረታ

ምምሕዳር ኣህጉራዊ መዓረፎ ነፈርቲ ኣስመራ ንመዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ናይ ጽሬት(Cleaning) ከምኡውን ናይ ምክንኻን ኣትክልትን (Gardening) ኣገልግሎት ዝህቡ ተጫረቲ ይዕድም። ተጫረቲ ከምዚ ዝስዕብ ከማልኡ ይሓተቱ።

1. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ የቕርቡ።
2. ንመኽበሪ ጨረታ ተመላሲ ዝኸውን ናቕፋ 5000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ኣታዊ ይገብሩ።
3. ንጨረታ ዘድሊ መምርሕን ቕጥዕን ናቕፋ 300.00 (ስለስተ ሚኢት) ብምክፋል ካብ ኣህዱ ማርከቲን ምውሳድ ይከኣል።
4. ካልእ ተወሰኽቲ ሓበሬታታት ንምርካብ ኣብ ኣህጉራዊ መዓረፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣህዱ ማርከቲን ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ ሰዓታት ብምምጻእ ወይ ድማ ብቁጽሪ ስልኪ 152122 ናይ ውሽጢ መስመር 245 ብምድዋል ምርካብ ይከኣል።
5. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ተጫረቲ ወፈይኦም የቕርቡ። ጨረታ ተጫረቲ ኣብ ዝተረከብሉ መበል 11 መዓልቲ ሰዓት 9፡00 ንግሆ ይኽፈት።
6. ትካል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ በዚ ጨረታ እዚ ኣይግደድን።

ምምሕዳር ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ
ቁ.ስ.152122 ፖ.ሳ.ቁ. 5846
ኣስመራ

ምልክታ

ኣነ ኣቶ ዑቕቢት ብርሃነ ሃብተ ዝተባህልኩ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ፡ ዞባ 9፡ ን/ዞባ 01 ጎደና 72 ቁ.ገዛ 10/12 ቁ/ምስክር ግዝያዊ ዋንነት ንብረት 114159 ፡ ዓይነት ገዛ ተራ፡ ስፍሓት መሬት 126.05 ት/ሜ ቀንዲ ክፍልታት 4ተ ሓገዝቲ ክፍልታት 2ተ ዝሓዘ፡ ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ንወድና ኣቶ ስለሙን ዑቕቢት ብርሃነ ብህያብ ስለ ዝሃብናዮ ስም ምትሕልላፍ ክንገብር ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፖፕሊክ ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቅሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምኗንና ንሕብር።

ኣቶ ዑቕቢት ብርሃነ ሃብተ

ኣብ ኣስመራ ዞባ 7 ምም/01 ቁ/ገዛ 32 ብቁ.ምስክር ወረቐት 113877 መወከሲ ቁ.106695 ብስም ወረስቲ ነፍ/ለገሰ ኣብርሃ ወ/ሮ ኣመለሰት ኣለሙ ሃይሉ ምስ 11 ደቆም ዝተመዝገበ ገዛ ኦሪጅናል (ዋና) ሰነድ ዋንነት ስለዝጠፍኣኒ ዝረኸበ ወይ ድማ ብዕዳ ሒዘዮ ኣለኹ ዝብል እንተሎ ብቁ.ቴለፎን 07356489 ክሕብረኒ እንተዘይኮይኑ ግን ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእትኡ ክወሃበኒ ክሓትት ምኗነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኣለም ለገሰ ኣብርሃ

ኣቶ ዮውሃንስ ሃይለሚካኤል ነጋሽ ዝተፈቅደሎም ናይ መሽጢ ጀላተ ንግዳዊ ትካሎም ‘ዲማላድ መሽጢ ጀላተ’ (DIMALAD RETAIL ICECREAM) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ሰም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ሰም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ጨረታ

ኣብ ሰምበል ሆስፒታል ኣቐዲሙ ንዝነበረ መስመራት ስርዓተ ቴሌፎን ንምሕዳስን ሓዳስ ናይ ቴሌፎን መስመራት መቀጸጸርን መራኸብን (PBX) ንምትካል ከወዳድር ስለዝደለየ ኣብዚ ሞያ ዝነጥፉ ትካላት ንጨረታ ይዕድም።

መደብ ስራሕ

1. ዳሕሳስ መጽናዕቲ ህሉው መራኸቢ መስመራት ቴሌፎን ሰምበል ሆስፒታል (SURVEY) ጸብጻብ ምቕራብ
2. ናይ ምኽሪ ኣገልግሎትን ኣብ ምርጫ ናይ ስርዓተ መስመራት ቴሌፎን ሰምበል ሆስፒታል (consultation service)
3. ንብረት ተዓዲጉ ካብ ወጻኢ ምስ መጻ እቲ ተጠሊቡ ክፍሊት ዝተፈጸመሉ ንብረት ብልክዕ ንሱ ምኗኑን ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከምዘሎን ምርግጋጽን (GOODS VERIFICATION AND CHECH UP)
4. መራከቢ መስመራት ቴሌፎን (PBX) ኣብ ምግጥጣምን ምትካልን (configuration and card programming)
5. ንሰለስተ ወርሒ ክንክንን ክትትልን መስመራት ቴለፎን (three month preventive maintenance)

ተጫረቲ ከማልእዎ ዘለዎም

- ናይ 2018 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ (ልቸንሳ)
- ኣቀዲሙ ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት ምስዚ ንጥፈት ዝተሓሓዙ ስርሓት ብብቕዓት ከምዝሰርሑ መረጋገጺ ካብ ዝሰርሑሉ ትካላት መረጋገጺ ዘቕርቡ።
- ተወዳደርቲ 5,000.00 ናቕፋ ብቼክ ወይ ብCPO የትሕዙ
- ተወዳደርቲ ሰነድ መወዳደርቲ ካብ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሰምበል ሆስፒታል ኣብ ሰዓታት ስራሕ ዘይምለሰ 50 ናቕፋብምኽፋል ክውሰድ ይከኣል
- ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንሸውዓተ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፋት ኮይኑ ይጸንሕ
- ጨረታ ኣብ መበል ሻሙናይ መዓልቲ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቀ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ጥራይ ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ሰምበል ሆስፒታል ይኽፈት።
- ሰምበል ሆስፒታል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ጨረታ ብከፊል ወይ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰል ኣለዎ።

ምልክታ

ብስም ሰላም ካሕሳይ ሓጎስ ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00036479 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና 119-5 ቁ.ገዛ 12 ዝርከብ ናይ መስርሕን መሽጢ ወርቂ ትካለይ ንኣቶ ናትናኤል ዮሴፍ ገብረልኡል ካብ ዕለት 01/03/2019 ክሳብ ዕለት 28/02/2021 ኣካርየዮ ስለዘለኹ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰሓሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ሰላም ካሕሳይ ሓጎስ

ሓዳስ መጽሓፍ

BETTER WAY TO HIGH SCHOOL CHEMISTRY
Second Edition (9th–12th)

ንኹሎም ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ብፍላይ ንተፈተንቲ ሃገራዊ መርመራ 12 ክፍሊ (Matriculation exam) ኣብ ገዛ ብውልቂ ይኩን ብሓባር እትጥቀመላ ሓጋዚት መጽሓፍ።



✓ 380 ገጻት ዝሓዘት
✓ ብዙሓት መምህራን ዘሳተፈት

ትሕዝቶ መጽሓፍ

✓ዓሙቕ መግለጺ ናይ ነፍስ-ወከፍ ክፍሊ
✓ ምስ ኣሰራርሕኡ ኣብነታት
✓ መብርሂ ነጥብታት (TIPS)
✓ ልዕሊ 200 ሕቶታት ምስ ኣሰራርሕኡ
✓ ልዕሊ 800 ሕቶታት ምስ መልሰታቱ

Tel. 07278776/ 07243748

ሓዳስ መጽሓፍ

All in one

ንኹሎም ተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ ብፍላይ ንተፈተንቲ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ሓጋዚት ዝኾነት፡

✓ 300 ገጻት ዝሓዘት
✓ ብዝተፈላለየ ዓውደ-ትምህርቲ ዝተመረቑ መምህራን ዘሳተፈት

ትሕዝቶ መጽሓፍ

➢ካብ 2013 – 2018 (ናይ 6 ዓመታት) ናይ English Language, Mathematics, Social studies and Science ናይ ሃገራዊ መርመራ ሕቶታት ምስ ዓሚቕን ገላጺ መብሪሂታትን መልሱን ሒዛ ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።

ቁ. ቴሌፎን 07278776/ 07204551 ተወከሱና።

ዘሐጉስ ብስሬት
TESFALEDET
INFORMATION TECHNOLOGY

ንመንግስታውያን ኮነ ንውልቃውያን ትካላት ነዞም ዝስዕቡ ኣገልግሎት ከም ንህብ ብሓጎስ ነበስር።

• ብቴለፎን ነጻ ናይ ሓበሬታ ኣገልግሎት ንህብ
call us:- 08213954

• ምሉእ ጽገና ኮምፒተራትን፣ናይ ኮምፒተራት መሳለጥያታትን

ኣድራሻ : ሀንጻ S.A. ኣልሓሸሚ
6ይ ደርቢ (603)
ቴል፡07112621/07496890

ታደሰ ተኽለ

ትካል ቦይንግ ' ሓበሬታ ክነጽግ ጸኒሑ' ተባሂሉ

ኣብዚ ቕንያት እዚ፡ ካብ መራኸቢ ብዙሓን ኣመፃ ገፍሕዉ.ዘለዉ ሓበሬታታት፡ ቦይንግ 737 ማክስ ናይ መገዝያ ሄርቲ፡ ናይ ድሕነት ሶፍኦት ከም ዘለወን፡ ኣብረርቲ መንገዲ ኣየር ኣመፃ ነቲ ትካል ኣብ ዝሓለፈ ሕጺር ግዜ ጸገመሉ ከም ዝሰዉሩ እዩ።

ድሕሪ ምሕምሻሽ ፋሪት መገዝያ ኢንዶኔሽርያ፡ እየም ኣብረርቲ ቅልጠፍ ናይ ምኢራም ሰገሞቲ ክወሰድ ንትካል ቦይንግ ሓብርም ምንባርም፡ ኣብ ኣመፃ ንዝርከብ ዓበይቲ ማሽፍት ዘና ብምወፃስ ጸብጽቦት ሓብርም።

ቦይንግ ነቲ ኣራሚ ርኢይቶ ብምንጽግ ንመጻኢ ግዜ ናይ ምዕራይ መደብ ከም ዘለዎ ነገ ዝገለጸሉም ዝሕብር በብሰ፡ ድሕሪ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ከኣ ናይ ኢትዮጵያ መንገዲ ኣየር ቦይንግ 737 ተሓምሺሻ 157 ሰባት መማዩም የረድኤ።

ኣብረርቲ መንገዲ ኣመፃ፡ ምስቲ ትካል ኣብ ፀጽዊ ሰፍራ ኣብ ዘቐደዎ ዝርርብ ግሩ፡ ብሕብኣ ኣብ ዝዘቐድሐ ደምጺ፡ እየም ኣብረርቲ ኣብዘን ዓሌት ሄርቲ እትኣተን ዘለዎም ሶባኦት ነበልጹ እኳሕዉ ደሰማሉ። ኣብዘን ሄርቲ ብዘዕባ ተተኸሉ ዘሎ ሓደሽ መሳርሒ እየም ኣብረርቲ ተሳቢዎም ከምዘይፈልጥኑ ክገልጽ እታ ናይ ኢንዶኔሽያ ፋሪት ዝወደቕትሉ ግዜ ብዘዕዉ ከም ዘይፈልጡን እየም ኣብረርቲ ሓብርም ነይሮም።

ቦይንግ ብዘዕባ እዚ ዝዘባህለ ኣኸባ ዝኸኑ ሓበሬታ ከይሃቡ ብዳረጃ ዓለምለኻ ምስ ኩሎም ግዱሳት ይተሓባበር ከምዘሎ ጥራይ የረዳኤ።

ሳንፍራንሲስኮ፡ መልክዕ ሰብ ዝከታተል መሳርሒ ትእግድ

ኣብ ኣመሪካ እትርከብ ከተማ ሳን ፍራንሲስኮ፡ ኣብ ኣገደስቲ ቦታታት ከተማ ተተኪሉም መልክዕ ሰብ ብምስኣል ኣብ መዘዝብ ከምኒዩተር ዝኽበሩ መሳርሒታት ክእገዱ ከምዝወሰኑ ተሓቢሩ።

እቲ ተደለይቲ ሰባት ንምህዳን ወጽኢታዊ ከም ዝኾነ ዝገብረሉ መሻኒል ሰብ እናቕረጸ ምስ'ቲ ተመዝዘቡ ዝጽንሐ ሓበሬታታት ብምንጽጋር መንኑት ሰብ ዘለሊ መሳርሒ፡ ናይ ወልቀሱብ ብሕታዊ መሳል ዝገልጽ ከም ዝኾነ ብዘገልጹ ወኪናት ተቓወሞ ከም ዝገጠመ ተሓቢሩ። እቲ መሳርሒ ጌና ከምዕበልን ክመሓሪሽን ከም ዝገበኦ ዝሕብሩ ወኪናት፡ ኣተኣማምኒ ሓበሬታ ክህብ ከም ዘይኽእል የረድኤ።

ኣብ መጋርጀ ባቡራት፡ ኣብ መእተዉን መወጽእን ሰታደዮማት፡ ኣብ ጎደናታትን ህዝቢ ብዘዘሉ ኣብ ዝመቀፃፀሉ ዝቕጣታትን ኣብ ጎደናታት ተሰቐለም ብዘይ ምቅራጽ ብዘቐርጹ ሽያዮ ካሜራታት፡ እናተኣኣሉ ይምዝገቡ። ብሕጊ ክድሰ ዝጽንሐ ሰብ ከኣ ምስቲ ተመዝዘቡ ዝጽንሐ ኣሳኣል ብምንጽጋር ዘለዎ ከብ ክፍሊጥ ይኽእሉ።

እቲ መሳርሒ ኣዝዩ ምስ ማዕበሉ ብዘዐጋ መንገዲ ሓበሬታ ክህብ ስለዘኽእል፡ ንመጻኢ ጠቓሚ ክኸውን ከም ዝኽእል ርኢይቶኦም ዘቕረቡ ወኪናት፡ ብቕልኦት ኣንጻር ርኢይቶ ዘለዎም 'ውልቃዊ መሳል' ፈጺሙ ክትሽሕፍ ከም ዘይብሉ ዝኣምኑ ተቓወሞ ከም ዝገጠመ ተሪሊጠ።

ፕረዚደንት ቻይና ' ዓብላሊ ባህሊ የለን' ይብል



ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂንፒንግ ሃገሮ ንኸሉ ህዝቢ ዓለም ክፍትቲ ከም እተኸፈተ ብምሕብር፡ "ዓብላሊ ባህሊ ከምዘሎና ዝመሳሰሎም ዓይሹ ኣለዉ" ከምዝበሎ ሮይተርስ ገለጸ።

ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ዋዕላ "ስልጣኔታት ኣሲዖ" ተረኺቦ መደረ ዘሕመዐ ፕረዚደንት ሺ፡ ቻይና ንዝኸፈት ማሕበረሰብ ዓለም ኣሊንኢት ከም ዘይክኑት ኣጠንዚቦ።

ቻይና ካብ ካልኦት ባህልታት ሓያሎ ትምህርትን ተሞክሮን ከም ዝቐድሐት ብምሕብር፡ "ሎሚ እዝኢያ ቻይና፡ ናይ ቻይና ጥራይ ኣይኮነትን፡ ናይ ኣሲያን ናይ ዓለምን ቻይና እዩ፡ ንመጻኢ ግዜ ድማ ብዘይዳ ንኸላ ዓለም ክትሓቅፍ ክፍትቲ ክትኸውን እያ" ኣሊሉ።

ብሰንጠ. ኣብ መንነ ቻይናን ኣመሪካን ዘሎ ቀረጽ ናይ ምውሳኽ ምዝህልላኻት፡ ሓሳሊፉ እውን ዝኮንሽፍ ቃላት ክሰምዕ ከም ዝቐጸለ ጸብጽቦት ይሕብሩ።

ሺ ጂንፒንግ ናይ ዝኸፈት ሃገር ሰም ከይጠቐሰ "ብሉጽ ባህሊ" የለን ዝበሉሉ ምኽንያት፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ሓደ በዓል ስልጣን ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ዘሕመየ ቃላት መልሲ ንምሃብ ክኸውን ከም ዝኾነ ምንቲኡ ክፍሊ ዝገብሮ ምምጭታት ዝገጥሞ ከምዘሎ ገሊጹ ኣሎ ኢሉ ኣስሚሩ ኣሎ ኢሉ ኣስሚሩ ኣሎ ኢሉ ኣስሚሩ